AGENTSCHAP
**INTEGRATIE &**
**INBURGERING**

# መምርሒ ስራሕቲ ትርጉም ብቪድዮ

*ንናይ ደገ ተሳተፍቲ*

**TIGRINYA | <u>VERTAALD UIT HET NEDERLANDS</u>**

ብኢንተርኔት ኣብ ዝግበር ዝርርብ ብጉግል-ሜት (Google Meet) ኣቢልካ ክትሳተፍ ኢኻ። ናይ ቪድዮ ተርጓማይ ክትርጉም ኢዩ።

ምድላው:

- ካሜራን ማይክሮፎንን ዘለዎ ኮምፒዩተር ክህልወካ ይግባእ። ብስማርት ፎን ወይ ብታብሌ'ውን ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ።
- ጽኑዕ ዝኾነ ኢንተርኔት ክህልወካ ይግባእ።
- ዝርብሽ ድምጺ ዘይብሉ ህድኣት ዘለዎ ቦታ ክህልወካ ይግባእ።

## 1 እቲ ተሓጋጋዛይ ብኢሜይል ገይሩ ጻውዒት ክገብረልካ ኢዩ።


1 ካብ ተሓጋጋዚኻ ኢሜይል ክትረክብ ኢኻ። በዚ ዝተለኣኻልካ ጻውዒት ገይርካ ኣብቲ ዝርርብ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ። እቲ ጻውዒት ብዋትሳፕ ድዩ በጺሑካ?

- እቲ ኢሜይል ኣይረኸብካዮን? ኣብ "ዘይተደለዩ ሜይላት" (spam /'ongewenste e-mails') ጠዊቕካ ድለዮ።


2 ኢሜይልካ ክፈት። ኣብቲ "ኣኼባ ተሳተፍ"('deelnemen aan vergadering') ኣብ ዝብል ጠውቕ። እቲ ዝበለጸ ጉግል ክሮም (Google Chrome) ብዝተብሃለ መርበብ ሓበሬታ እንተተጠቐምካ ኢዩ።





3 ስምካ ጸሓፍ።




4 ኣብቲ ናይ “መሳተፊ ጻውዒት” (‘deelnameverzoek’) ጠውቕ።




5 እቲ ተሓጋጋዛ ናብቲ ዝርርብ ክሳብ ዘእትወካ ቁሩብ ተጸበ። ሕጂ እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ክረአየካ ኢዩ:





6 እቲ ተሓጋጋዛይ ኣብቲ ዝርርብ ንክትሳተፍ ክፈቕደልካ ኢዩ። ኣብቲ መስትያት ኮምፕዩተርካ ወይ ስማርት ፎንካ ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ ቀያሕቲ ቁልፍታት ብምጥዋቕ ካሜራኻን ማይክሮፎንካን ክትውልዕ ኢኻ።




7 ምስሊ ወይ ድምጺ የለን? ኣብ ገጽ የማን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ሰለስተ ነጥብታት ጠውቕን። “ውህደት” (‘instellingen’) ዝብል ምረጽ።

- ኣብዚ ድምጺን ምስሊን ኣወሃህድ። ሕጂ ‘ውን ኣይተሳኸዐን? ናይ ኮምፕዩተርካ ውህደት ተቖጻጸር። ጉግል ሚት (Google Meet) ካሜራን ማይክሮፎንን ክምዝፈቐደልካ ርግጸኛ ኩን።




8 እቲ ዝርርብ ንምውዳእ፣ ነታ ኣብ ታሕቲ ዘላ ቀያሕ ስእሊ ቴሌፎን ጠውቃ።




## 2 እቲ ተሓጋጋዚይ ብዋትሳፕ ኣቢሉ ዓዲሙካ። ብስማርፎን ወይ ብታብሌት ገይርካ ትሳተፍ።

1 ጉግል ሚት (Google Meet) ንዝብል ኣፕሊኬሽን ኣብ ስማርትፎን ወይ ኣብ ታብሌት ተውርዶ።


2 ኣብ ዋትሳፕ መጠውቕ (ሊንክ) ትረክብ።





3 ኣብቲ ሊንክ ትጥውቕ። ነቲ ሊንክ ብጉግል ሚት (Google Meet) ገይርካ ትከፍቶ።




4 “ሕቶ ተሳትፎ” (‘deelnameverzoek’) ኣብ ዝብል ትጥውቕ።



5 እቲ ተሓጋጋዛይ ኣብቲ ዝርርብ ንክትሳተፍ ክፈቕደልካ ኢዩ። ኣብቲ መስትያት ኮምፒዩተርካ ወይ ስማርት ፎንካ ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ ቀያሕቲ ቁልፍታት ብምጥዋቕ ካሜራኻን ማይክሮፎንካን ክትውልዕ ኢኻ።




## COLOFON


**Dienst Sociaal Tolken en Vertalen**
*Agentschap Integratie en Inburgering*
Tel **02 701 79 20**
stv@integratie-inburgering.be